ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.ex@gmail.com

# መግለጺ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
# ብኣጋጣሚ መበል 59 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ

ብስዉእ ጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብ1961 ዝተጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ፣ ሎምዘመን እውን ህዝብና፣ ናጽነት ሃገሩ ብምርግጋጽ፣ ኣብ ሃገረይ ከቢረ ብሰላም ክነብር ኢየ ዝብል ሕልምታቱ ዘበርዓነ ናይ ሸፋቱ ጉጅለ ክላቀቅ ኣብ ዝብህገሉ ዘሎ ግዜ እዩ ዝበዓል ዘሎ። እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ንኣስታት 30 ዓመታት ብገባቲ ስርዓት ዝወርድ ዘሎ መቕተልትን ማእሰርትን ጥምየትን ስደትን ካልእ ዝተፈላለየ ሓሳረ መከራን፣ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዘመናት መግዛእቲ ብዝኸፈአን ንምግላጹ ዘጸግም መዳርግቲ ዘይብሉን፣ ምስቲ ንሳላሳ ዓመታት ዝኣክል ኣብ ዝተኻየደ ምዑት ቃልሲ ብህዝቢ ኤርትራ ዝተኸፍለ መስዋእትን፣ ዕላማታት ሰውራሉን ብፍጹም ዘይራኸብ ግፍዒ እዩ ።

ከምዚ ዝኣምሰለ ንኩሉ ሰብኣዊን ሃገራዊን ክብርታት ዝጋሃሰን፣ ንሕድሪ ስዉኣትን ዉጉኣት ሓርነትን ጠሊሙ ነዛ ሓዳስ ሃገርና ኣብ ሓደጋ ዘውደቀ ስርዓት ከህሉ ብጣዕሚ ዘጉሂ እዩ።

ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ንክብርታትን ዝናን ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ኢሉ ብምድፋሩ፣ ነቲ ንሃገሩ ብደሙ ከውንቲ ዝገበረ ኤርትራዊ ዜጋ፣ ሃገሩ ራሕሪሑ ናብ ጎሮባብቲ ሃገራትን መላእ ዓለምን ከም ዝሰደድ ገይሩዎ እዩ ።

ናጽነት ምስ ተረጋገጸ፣ ህዝቢ ኤርትራ ቁስሉ ኣብ ክንዲ ዝፍወስን፣ ንኩሉ ተቃላሳይን ዝተሰደደ ኤርትራዊን ናብ ሃገሩ ኣብ ክንዲ ዝመልስን፣ ብኣንጻሩ ኣብ ዘመነ ናጽነት ብሰንኪ እቲ ሓላፍነት ዘይስምዖ ጸረ ሓርነት ዝኾነ እከይ ተግባራት ዲክታቶሪያዊ ስርዓት፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዳግም መከራን ስደትን ተሸምሙ ምርኣይና ብጣዕሚ ዘሕዝን እዩ ።

ካብቲ  ከቢቡና ዘሎ ዘጉሂ ተረኽቦታት ድማ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ግፍዓታት ከም ዕድል ብምውሳድ ካብ ገለ መራሕቲ ጎረባብቲ ሃገራትን ውልቀሰባትን፣ ምድፋር ልዑላውነት ሃገርና ዘመልከት ብካርታታት ዝተሰነየን፣ ንሕዝቢ ኤርትራ ዘናሹን ዘካፊእን ዝተፈላለየ ማዕከናት ዝተቓለሐ መግለጺታት ንሰምዕን ንርኢን ኣሎና ።

ንኩሎም ከምዚ ዝኣምሰሉ ወገናት ንብሎ ነገር እንተሎ ድማ፣ መጀመሪያ ህዝብና ኣብ ዘካየዶ ቃልሲ፣ ነቲ ብምዕራብን ምስራቅን ዝድገፍ ዝነበረ ኣብ ኣፍሪቃ ካብ ሳሃራ ንደቡብ ኣብ ዘሎዋ ሃገራት ካብ'ቶም ሓያላን ሰራዊት ተባሂሉ ዝግለጽ ንምስዓር ዝታዓወተ ህዝቢ ምኧኑ ከነዘኻኽር ንፈቱ። ብተወሳኺ ገለ መንግስታት ወይ ሰልፍታት ሃገሮም ኣብ ምልማዕ ዘርኣይዎ ፍሽለት ንምሽፋን ንህዝብና  በጃ ክኾናም ይህቅኑ ምህላዎም ንከታተሎ ዘሎና ጉዳይ ኢዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ሃገሮም ክይባራዕ ዘስግኦም ሽግራት ንምግታእን፣ ንገለ ሰብ-ድኹም መንፈሳት ንምኽሳብን ኣብ ዝካየድ ጎስጓሳቶም ዝጥቀሙሉ፣ ሓቅታት ይኹን ሓይሊ ዘየሰንዮ ናይ ቀደም ሕልምታት ገዝእቲ ሓይሊታት ዘንጸባርቕን ኣካይዳ ኢዩ እንተብልና ምግናን ኣይኮነን።

ንናጽነት ክዉን ዝገበረ ታሪኻዊ ጉዕዞ ሰውራና፣ ጸገማትን ዕንቅፋታትን እኳ እንተ ኣጓነፈ ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊን ሕብረተሰባኣዊን ሃይማኖታዊን ወገናት ሕብረተሰብ ኤርትራ ናጽነትን ዲሞክራስን ሰላምን ፍትሕን ዘረጋግጽ፣ ብሓባር ናይ ምንባር ዝሓሸ ዕድል ንምፍጣር ዝካየድ ቃልሲ ክቕጽል እዩ ።

ህዝብና ምስ ህዝብታት ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ሰናይ ጉርብትናን ሓባራዊ ጠቕምታትን ዝተመስረተ ዝምድና ንምፍጣር ዝብህግ ህዝቢ እዩ። ህዝብታት ጎሮባብቲ ሃገራትን ካልኦትን ድማ ተመሳሳሊ ድልየታትን ዕላማታትን ዘሎዎም  ክኾኑ ተስፋ ይገብር ።

መሬቱ ንምድፋር ይኹን፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘሕልፎ ዘሎ ጸገማት መዝሚዝካ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ንምእታዉ ካብ ዝግበር ፈተነታት ክቁጠቡ ድማ ንጽውዕ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዞናዊ ወይ ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ዕዳጋታት ዝሸየጥን ዝልወጥን ሃላኺ ኣቕሓ ከም ዘይኮነ ክፍልጡ ንደሊ።

*ኣብ መደምደምታ፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብምኽንያት ናይዚ ክቡር ሃገራዊ ኣጋጣሚ፡ ኩለን ዝተፈላለያ ፖለቲካዊን በርጌሳዊን ሓይሊታት፣ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ንምእላይን፡ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምምጻእን ዝዕላመኦ መደባት ንምዕዋት ዓቅምታተን ከጥርንፋን ቃልሰን ከዕዝዛን ይጽውዕ። ካብዚ መትከላዊ ኣረኣኢያ ብምብጋስ ድማ፣ ነቲ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ሓይሊታት ጠርኒፉ ዘሎ ጽላል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምሕያል ናይ ግድን ኢዩ ካብ ዝብል መትከላዊ መርገጹ ብምንቃል ጻዕርታቱ ከዕዝዝ ምኧኑ ደጊሙ የረጋግጽ።*

*ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብናን ብፍላይ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ዝዋፈር በርገሳዊ ይኹን ጸጥታዊ ከምኡ'ውን ኣባላት ምክልኻል ሓይሊታት ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ፣ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምልጋስን፣ ሓርነትን ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈና ሃገር ንምህናጽን ሃገራዊ ሓላፍነቶም ብምልዓል፣ ኣብ ዝካየድ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብና ኣድማዒ ግደ ክጻወቱ እትረርና ንጽውዕ ።*

*ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ*
*ውድቀት ንዲክታቶሪያዊ ስርዓት*
*ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና*

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*1 መስከረም 2020*